

# ጰራቅሊጦስ ኣብ ተሞክሮ

## ፫ይ ክፋል

መም ተኪአ መብራህቱ

ቅድሚ ናብ ሰማይ ምዕራጉ፣ የሱስ ክርስቶስ ንደቀ-መዛሙርቱ፣ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኪምህሮም ከሎ፣ ብፍሉይ ስም ከለልይዎ ይሕብረሎም። መንፈስ ቅዱስ ጸራቅሊጦስኩም እዩ ድማ ይብሎም። መንፈስ ቅዱስ፣ ነቶም ቀዳሞት ኣመንቲ፣ ኣብቲ ህይወቶም፣ ኣብቲ ሕብረቶም፣ ኣብቲ ዕጥቆምን ገድሎምን እቲ ዚበለጸ ብጻዮም፣ ዚበለጸ ዓርኮም ከም ዚኸውን ብተመክሮ ምእንቲ ኺፈልጥዎ፣ ንመንፈስ ቅዱስ ከም "ጸራቅሊጦስ" ከለልይዎን ብተመክሮ ድማ ኺፈልጥዎን ይምህሮም። እምበኣርሲ፣ መንፈስ ቅዱስ እቲ ዚበለጸን ዚቐረበን ብጻይ ክርስትያናት ምዃኑ ንኺፈልጥዎ እዩ ብዛዕባ ጸራቅ ሊጦስነት መንፈስ ቅዱስ ነቶም ደቀ-መዛሙርቲ ዚመሃሮም።

እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት፣ መንፈስ ቅዱስ ጸራቅሊጦሶም ዚኾኑ ኣመንቲ እዮም ነይሮም። ብተመክሮ ጸራቅሊጦስነት መንፈስ ቅዱስ ኣብቲ ህይወቶም ክልተ ኣዝዮም ዓበይቲ በረኸታት ሰሪጾም። ብህይወቶምን ብቑም ነገሮምን ንየሱስ ክርስቶስ ዚመስሉ ንኪኾኑ ኣብቂዑዎም። ጸጋን የሱስ ክርስቶስን ዚዓዘዞም ሰባት ኪኾኑ ገይርዎም። ብዛዕባ እዚ ኣብቲ ዚሓለፈ ሕታም ቍ 54ን 55ን መጽሄት ብስራት'ውን ተዛቲናሉ ከም ዚነበርና ዚዝከር እዩ።

ብተወሳኺ፣ ናይ'ዚ ጴራቅሊጦስነትን፣ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ኣብ ህይወቶም ግሩም ኣብነት ዚኾኑ ሰለስተ ጕጅለ ሰባት፣ ብተወሳኺ፣ ንመልከት። እዞም ሰለስተ እዚኣቶም፣ ኤንያ፣ ጣቢታ፣ ቆርኔሌዎስ እዮም፣ ዛንትኦም ድማ ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት 9፡32-35 36-43 10፡1-48 ዘሎ እንረኽቦ እዩ እሞ፣ ኣቓዲምና ነንብቦ። ናይ ቆርኔሌዎስ ግና ኣብ ቀጻሊ ሕታም ናይ "ብስራት" ክንምልከቶ ኢና።

## 1. ቅዱሳን ኣብ ልዳ - ኤንያ።

ኣብዛ ኣዝያ ንእሽቶ ዓዲ ንዚነበሩ ክርስትያናት፣ ወንጌላዊ ሉቃስ፣ እቲ ጸሓፊ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት፣ "ኣብ ልዳ ዚነበሩ ቅዱሳን" ኢሉ ይሰምዮም። ካብ እዞም "ቅዱሳን" ተሰምዮም ዘለዎ፣ ሰለስተ ብስም ተጠቒሶም ንረኽቦም። እቲ ተደኺሱ ዝነበረ እሞ፣ ዚሓወየ ኤንያ ሓደ ካብቶም "ቅዱሳን" ተባሂሎም ዘለዉ እዩ።

ከምኡ ድማ እታ ኣዝያ ለጋስ ዚኾነት ጣቢታ፣ ኣብ ዮጴ ዝነበረት ድማ ኣላ። ከምኡ ድማ እቲ እናዞረ ሃለዋት ኣመንቲ ዚገብር ዝነበረ ሃዋርያ ጴጥሮስ ከኣ ሓደ ካብቶም "ቅዱሳን" ተባሂሎም ዘለዉ እዩ። ከም ኤንያን ጣቢታን ጴጥሮስን፣ ነፍስ ወከፍ ናይ ሓቂ ክርስትያን ዚኾነ በቲ ዘለዎን ዘርእዮን ኣበርክቶ ንኻልኦት፣ ከምኡ ድማ ሕብረቱ ምስ ኣመንቲ እዩ ዚልለ።

እዚ ድማ እዩ እቲ ጸራቅሊጦስነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወትን ሕብረትን ኣገልግሎትን ኣመንቲ ዚግሃድ።

ብዛዕባ ኤንያ ዘሎ ታሪኽ ኣዝዩ ሓጺር

እዩ። ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 9፡ 32-35 ድማ ከምዚ ይብል፡

> “ኮነ ኸኣ፡ ጴጥሮስ ናብ ኩሉ ኺዘውር ከሎ፡ ናብቶም ኣብ ልዳ ዚነበሩ <u>ቅዱሳን</u> ወረደ፡፡ ኣብኡ ኸኣ ኤንያ ዝስሙ፡ ሸመንተ ዓመት ኣብ ዓራት ዚደቀስ መጻጉዕ ሰብኣይ ረኸበ፡፡ ጴጥሮስ ድማ፡ ኤንያ፡ የሱስ ክርስቶስ የሕውየካ ኣሎ፡፡ ተንስእ፡ ባዕልኻ ኣንጽፍ፡ በሎ፡፡ ብኡ-ብኡ ኸኣ ተንስኤ፡፡ ኣብ ልዳን ኣብ ሳሮንን ዚነበሩ ዅላቶም ከኣ ነዚ ርእዮም ናብ ጐይታ ተመልሱ፡፡”

እምበኣር እቲ ኣተኵሮ ናይ እዚ ጽሑፍ እዚ ኣብ ከተማ ልዳ፡ ኣብ ህይወት ኤንያ፡ ብኣገልግሎት ሃዋርያ ጴጥሮስ እተፈጸመ በረኸት “ጰራቅሊጦስ” ምዃኑ እዩ። ተመክሮ “ጰራቅሊጦስ” ናይ ኤንያ ምስ ኣገልግሎት ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ እተጣመረ ዛንታ እዩ።

ኤንያ ሓደ ካብቶም ኣብ ከተማ ልዳ ዚነበሩ “ቅዱሳን” ተሰምዮም ዘለዉ ኣማኒ እዩ። እዚ ማለት፡ ሓደ ካብቶም መንፈስ ቅዱስ ኣብኦምን ምስኦምን ሓዲሩ ዚመልኦም፡ ብተመክሮ ድማ ጰራቅሊ ጦሰም ዝኾነ ሓደ እዩ ነይሩ። ኣቓድም ኣቢሉ ተሓቢሩ ከም ዘሎ ግና ታሪኽ ኤንያ ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 9 ካብ 32-35 ሰፊሩ ጥራይ እዩ ዘርከብ።

“ቅዱሳን” ኪብሃል ከሎ፡ ተቐዳዲሞም ኣብ ሓሳባትና ጠብላሕ ዚብሉ፡ ከምቶም ሃዋርያት ከም ብዓል እኒ ማቴዎስ፡ ዮሃንስ፡ ጳውሎስ፡ ጴጥሮስ፡ ከምኡ ድማ ቅድስቲ ማርያም … ወዘተ፡ እዮም። ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም፡ ብታሪኽ መንፈሳዊነቶም ሕርሙዛት ዝነበሩ እዮም። ግና ንሕና እኒ ብዓል ኤንያ ዚመስሉ “ቅዱሳን” ምህላዎም ድማ ንርስዕ ኢና። ኣምላኽ ከኣ ኤንያ ድማ ሓደ ካብቶም “ቅዱሳኑ” ምዃኑ የዘክረና። ማለት፡ ተመክሮ “ጰራቅሊጦስ” ከምቲ ናይ እኒ ብዓል ሃዋርያ ጴጥሮስ ዝኾነ፡ ከምኡ ከኣ ንምግዱራት ንብዓል እኒ ኤንያ ምዃኑ ድማ የመልክተልና።

እብመኣርሲ፡ ኤንያ ድማ ከም ብዓል እኒ ሃዋርያ ጴጥሮስ፡ መንፈስ ቅዱስ ዝመልኦ ሓደ ካብቶም “ቅዱሳን”፡ ክርስትያናት ምዃኑ ንመልከቶ። ናይ ብሓቂ ክርስትያን ከም እኒ ብዓል ኤንያ ሓደ ካብቶም “ቅዱሳን” እዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ዚዓዘዞ፡ መንፈስ ቅዱስ “ጰራቅሊጦስ” ዝኾነ፡ሓሚሙ ከሎ ኩነ ምስ ሓወየ ሓደ ካብቶም ቅዱሳን ናይ ልዳ ዚነበረ እዩ።

ታሪኽ ናይ ኤንያ ምስቲ ዑደታዊ ኣገልግሎት ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣቋሪኑ ዚህበና ወንጌላዊ ሉቃስ፡ እቲ ጸሓፊ ግብሪ ሃዋርያት እዩ። እቶም ሃዋርያት ነቶም ኣመንቲ ኺምህሩ፡ ኺጥርንፉ ከመይ ክንደይ ከም ዚደኸሙ ንተዓዘብ። ዚጐስዮዎም፡ ዚረስዕዎም ጕጅለ ኣመንቲ ኣይነበሩን።

ሃዋርያ ጴጥሮስ ነቶም ኣብታ ዓባይ ከተማ የሩሳሌም ዚነበሩ ኣሽሓት ጥራይ ኣይኰነን ብወንጌል ዘገልገለ (ግብ 2፡14-42)፡ ፡ ነዞም ኣብ ልዳ፡ ኣብ ኣዝያ፡ ንእሽቶ ዓዲ ዚነበሩ ኣመንቲ ድማ ብዑደታዊ ምብጻሕ ኣገልጊሉዎም እዩ። ኣብዛ ቍንጣሮ ዚህዝባ ዓዲ ድማ ኣገልጊሉ፤ ተኣምራት ኣምላኽ ኣፍሲሱ። ንኤንያ ድማ ጥዕና መሊሱሉ። ብተኣምራታዊ ምሕዋይ ኤንያ ድማ ከተማ ልዳ ደገ በረኸት ኣምላኽ ተኸፊቱሎም።

በዚ ህይወት ናይ ኤንያ ድማ “ኣብ ልዳን ኣብ ሳሮንን ዝነበሩ ዅላቶም ከኣ ነዚ ርእዮም ናብ

ጐይታ ተመልሱ" **ይብል ኣብ ግብረ ሃዋርያት ኣብ 9፡35። ክርስትያን እምበኣር ብህይወቱ** "ቅዱስ" **ሰብ እዩ። ከም ኤንያ ምስክር ናይ ጸጋ ኣምላኽ እዩ።**

**ኣብ ልዳ መንፈስ ቅዱስ** ጰራቅሊጦሱ **ዝኾነ ወደ መዝሙር፡ ኤንያ ዚስሙ ነይሩ። ንሱ** "ሾሞንት ዓመት ኣብ ዓራት ዝደቀሰ መጻጕዕ ሰብኣይ" **እዩ ነይሩ። ኤንያ፡ መጻጕዕ -ማለት ኢ.ደ-እግሩ ዚለመሰ ድኑስ፡ ኣማኒ ናይ የሱስ ክርስቶስ እዩ ነይሩ። ክሳዕ እቲ ብተኣምራት ዚሓዊ፡ ነቲ ሕማሙ ንምጻር ዜኽእሎ ጸጋ ዓዲሉዎ። ኤንያ ኸኣ ብዘይምጕርምራም ተዓጊሱ። እዚ ንባዕሉ ዓቢ ጸጋ ናይ** "ጰራቅሊጦስ" **እዩ። ብሃዋርያ ጴጥሮስ ገይሩ ድማ ንኤንያ ብተኣምራት ፈዊሱዎ። ምስ ተፈወሰ ድማ ህይወቱ ብዙሓት ዚባረኹሉ ዚዓበየ ምስክር ኰይኑ።**

**እምበኣርሲ፡ እቲ ናይ ብሓቂ ክርስትያን፡ ከም ኤንያ፡ ብህላውነት ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወቱ ይልለ።**

## 2. ቅዱሳን ኣብ ዮጴ - ጣቢታ።

"ጰራቅሊጦስ" **ኣብ ህይወት** ጣቢታ **(ዶርቃስ) ንመልከት። ኣቐድም ኣቢልና፡ እቲ በረኸት ናይ** "ጰራቅሊጦስ" **ናይ ሃዋርያትን ከምኡም ዝኣመሰሉን ጥራይ ከም ዘይኰነ፡ በረኸት ናይቲ ተራ ኣማኒ ድማ ምዃኑ ብተመክሮ ናይ ተራ ዚኾነ ምግዱር ዚነበረ ሰብኣይ፡ ኤንያ ዚስሙ ርኢና።**

**ኤንያ ንርእሱ ተባሪኹ ንኻልኦት ድማ ንበረኸት ኰይኑ። ቀጺሉ እቲ በረኸት ናይ** "ጰራቅሊጦስ" **ናይ መንፈስ ቅዱስ ንተራ ኣንስቲ ድማ ምዃኑ ኸነለልዮ፡ ዛንታ ናይ** ጣቢታ **ይህበና። ካልኣይ ስማ ዶርቃስ እዩ። እቲ ዛንታ ናይ ጣቢታ (ዶርቃስ) ኣብ መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት ኣብ 9፡36-42 ንረኽቦ። ብምትኳር ምስ እነንብቦ ከምዚ ይብል፡**

> ኣብ ዮጴ [1] ድማ ጣቢታ እትብሃል ተመሃሪት [2]ነበረት፡ ትርጉሙ ድማ ዶርቃስ [3]እዩ:: ንሳ ኸኣ ጽቡቕ ግብሪ ዝመልኣ ምጽዋትውን እትምጽውት[4] እያ:: ኰነ ኸኣ፡ በቲ ቕነቲ ሓሚማ ሞተት ሓጺቦም[5] ድማ ኣብ ደርቢ ኣንበርዋ።:[5] ልዳ ንዮጴ ቕርብቲ[6] ስለ ዝነበረት፡ እቶም ደቀ-መዛሙርቲ ኸኣ ጴጥሮስ ኣብኣ ኸም ዘሎ ሰሚዖም፡ ክልተ ሰብኣይ ናብኡ ልኢኹም ከይደንጐየ ናባታቶም ኪመጽእ ለመንዎ:: ሽዑ ጴጥሮስ ተንሲኡ ምሳታቶም ከደ:: ናብኡ ምስ መጸ ድማ[7] ናብ ደርቢ ኣደየብዎ:: ኵላተን እተን መበለታት ከኣ እናበኸያ፡ እቲ ጣቢታ ምሳታተን ከላ ዝገበረቶ ቐመውሽን ክዳውንትን እናኣርኣያኦ ከቢበናኦ ደው በላ:: ጴጥሮስ ግና ንዅላተን ናብ ወጻኢ ኣውጺኡ፡ [8]ተምበርኪኹ ጸለየ፡ ናብቲ ሬሳ ግልጽ ኢሉ ኸኣ፡ ጣቢታ፡ ተንስኢ፡ በላ:: ኣዒንታ ቛሕ ኣበለት፡ ንጴጥሮስ ምስ ረኣየቶውን፡ ኮፍ በለት:: ኢዱ ዘርጊሑ ኣተንስኣ፡ ነቶም ቅዱሳንን ነተን መበለታትን ጸዊዑ ድማ፡ ህያው ኰይና ኣብ ቅድሚኦም ደው ኣበላ:: እዚ ድማ ኣብ ኵላ ዮጴ ተፈልጠ፡ ብዙሓት ከኣ ብጐይታ ኣመኑ[9]።

**ዛንታ ጣቢታ ኣብ መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት ዘሎ ቅርብ ኢልና ነቕልበሉ። መንፈስ ቅዱስ ዚብጸዩ፡ ማለት፡** "ጰራቅሊጦስ" **ናቱ ዚኾነ ሰብ ከም ጣቢታ፡ ንኻልኦት ሰባት ንበረኸት ዚኸውን ሰብ እዩ። ከም ክርስትያናት መጠን ህይወቶም ኣብቶም ዚዕዘብዎም ዘበሉ ኻልኦት ንበረኸት፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምርሃውን ምድጋፍን ዚርከብ ኪኸውን ከሎ፡ ናይ ሓቂ ክርስትያናት ምኻኖም እቲ ምስክሩ ንሱ እዩ። ነፍሲ ወከፍ**

**ክርስትያን፡ ከም ጣቢታ፡ ህይወተይሲ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ፡ ብኣገልግሎት ናብ ክርስቶስ ዚሕብርዶ እዩ ኢሉ ብሓቂ ኺሓትት ይግብኦ?**

## እግረ መዘከር . . . .

1. ሃዋርያ ጴጥሮስ ነዞም ኣብ ልዳን ዮጴን ዚነበሩ ኣመንቲ ኼበራትዕ፡ ንኻልኦት ድማ ወንጌል ኼበስር፡ 35 ማይልስ = 56 ኪ.ሜ. ብእግሪ ካብ የሩሳሌም ናብ ልዳ ኺጐዓዝ ነይሩዎ (ግብ 9፡32 ተመልከት)። ከምዚ ገይሮም እዮም ነቶም ኣመንቲ፡ ብዓል እኒ ሃዋርያ ጴጥሮስ ከይተሓለሉ ዚኣሰይዎም።

2. ንጣቢታ ተመሃሪት ይብላ። ነቶም ደቂ-ተባዕትዮ ኣመንቲ ወደ-መዝሙር፣ ንደቀ-ኣንስትዮ ድማ ተመሃሪት ኰሉ ሓደ እዩ።

3. ዶርቃስ ዚብል ስም ብቛንቋ ግሪኽ፣ ጣቢታ ድማ ብእብራይስጢ እራብ ዚትርጕሙ፡ ክልቲኡ ስማ እዩ ነይሩ።

4. ምጽዋት ብስም ኣምላኽ ኢልካ ለጊስካ እተበርክቶ ውህበት እዩ። "ጽ" ከየጥበኞና ነድምጾ።

5. ኸዑ ዚነበሮም ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ልማድ እዩ።

6. ልዳ ብሰሜን ምዕራብ ካብ የሩሳሌም፡ 25 ማይልስ = 40 ኪ.ሜ ኣቢላ ርሒቓ ትርከብ።እቶም ኣገልገልቲ ዚደኸሙዎ ኣብ ግምት ነእትዎ።

7. ስለምንታይ እዩ ሃዋርያ ጴጥሮስ ነተን መልቀስቲ ዘልገሰን እሞ ኺጽሊ ዚብሓተ? በቲ ናይ ሓዘን ጫውጫውው፡ ኣተኩሩ ክጽሊ ኣይከኣለን። የሱስ ነቶም ብጫውጫዎም ምስራሕ ዝኸልእዎ ሰባት ከምኡ ኣውጺኡዎም (ማቴ 9፡25 ተመልከት)።

8. እቲ ተኣምራት ናብ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ዘተኰርም ድኣ እምበር ናብ ጴጥሮስ ዘተኰርም ኣይነበረን።

9. ቁጽሪ 8 ላዕሊ ርአዩ።